# መዓልቲ ምስጋና
## Thanksgiving Day

**ንብባት፡ 1ቆሮ 1፡3-9፥ ሲራክ 50፡22-24፥ ሉቃስ 17፡11-19**

ሰብ ንአምላኽ ከመስግን ከፍቅር ዝተፈጥረ እዩ። ኣብ ናይ ባልቲሞር ት/ክ እግዚአብሔር ንምንታይ ፈጠረና ኣብ ዝብል ክምልስ እንክሎ ክንፈልጦ ክንፈትዎ መንግስተ ሰማይ ክንኣቱ ዝብል ተማሂርና። ዓላማ ተፈጥሮን እምብኣር ምስ ኣምላኽ ኮና ፍቕሩ ምስትምቃር እዩ። እንተ ኾነ ሕሱም ጸላኢ ነዚ ሕጊ ተፈጥሮና ኣብ መንጎ ኣትዩ ኣበላሽዩልና፥ ነቲ ብነጻ እንረኽቦ ዝነበርና ጻዕርና ከም ዝሕወሶ ገሩ። ሰብ እምብኣር ከመስግን እንክሎ ንተፈጥርኡ እዩ ዝገልጽ። ክነመስግን ግቡእና እዩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝተፈላለየ መዓልቲ ምስጋና ይኽብር፥ መዓልቲ ነጻነት፥ መዓልቲ ወለዲ፥ መዓልቲ ስዉኣት፥ መዓልቲ መማህራን፥ ከምኡ ናይ ኰስሚ ብዓል ክነኽብር ከሎና. . . ነቲ ሰናይ ዝተገብረልና ክነመስግን፥ ነቲ ኹሉ ኣምላኽ ዝገበረልና ርኢና ንሕና እውን ኣብ ሰናይ ግብሪ ኣሕዋትና ክንወፍር ንማለት እዩ።

ልዕሊ ኹሉ ክነመስግኖ ዝግብኣና ኣምላኽና እዩ ስለ ዘፍቀረና ስለ ዝፈጠረና ዕለት ዕለት ብጸግኡ ስለ ዝናበየና፥ ኣብዛ ሰዓት ከይተረፈ ንኹሉ ዝሃበና ክነመስግኖ ይግብኣና። እቲ ዝለዓለ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝተራእየሉ ንሓደ ወዱ ምእንታና ኢሉ ምስለኣኾ ገሊጽልና። ክርስቶስ ምእንታና ኣብ መስቀል ተሰዊኡ ኣድሒኑና። ኣብ ትሕቲኡ ክነብር ኢሉ ቤተ ክርስትያና መስሪቱልና፥ ቤተ ክርስትያን ከኣ ብምስጢራቱ ገራ መንፈሳዊ ጸጋታቱ ትዕድለና። ንኣምላክ ብክርስቶስ ገርና ክነመስግኖ ባዕሉ ክርስቶስ ምሂሩና። ብስመይ ንሰማያዊ ኣቦ እንተ ለመንክምዎ ኩሉ ክውሃበኩም እዩ ኢሉና።

ኣብ መኣዲ ቅ. ቍርባን ዝለዓለ ምስጋና ነቕርብ፥ "ኣኮቴተ ቍርባን" ንብሎ ብግሪኽ ምስጋና ማለት እዩ። ነቲ ምእንታና ዝሞተ ክርስቶስ ዘኪርና መስዋዕቲ ክነዕርግ እንክሎና ዝለዓለ ምስጋና ነዕርግ። ኣብ ሓደ መኣዲ ሓደ መንፈስ ሒዝና ክነብዕል እንክሎና ኣብ መንጎና ሓድነት ከምኡ ሓደ መንፈስ ክርስቶስ ኣሎ። ብመንፈስ ቅዱስካ ከም እንሓብር ግበረና እናበልና ንጽሊ። ቅ. ቍርባን ቀዳማይ መለለይኡ ፍቕሪ እዩ ዝገልጽ። ሥጋይ ዝበልዕ ደመይ ዝሰቲ ኣነ ኣብኡ እነብር ንሱ ኣባይ ይነብር ይብለና። ሎሚ ነዚ ናይ ምስጋና መኣዲ ብዳግም ነዕርጎ። ኣብ መንጎና ሓዲርካ ኣሎኻ እሞ ነመስግነካ ኣሎና እናበልና ጸሎትና ነዕርገሉ።

ኣብ ቀዳመይቲ መልእክቲ ዝተነበት ጳውሎስ ስለቲ ብክርስቶስ ኢየሱስ ዝተዋህበኩም ጸጋ ንኣምላኽ ብዛዕባኹም ኵሉ ጊዜ ንኣምላኸይ ኣመስግን ኣሎኹ ኢናበለ ምምስጋን ክፍሊ እምነትና ከምዝኾነ ይገልጽ። ንወሃቢ ኣምላክ ክነመስግኖ ከሎና ኣብ ልብና ኣሎ ማለት እዩ። ነቲ ኣምላኽ ዝገበረልካ ርኢኻ ምኽኣል ንሓደ ኣማናይ ጸጋ የውህቦ። ጳውሎስ ንሰብ ቆሮንጦስ ቀንዲ ዘመስግኖም ነቲ ንሱ ዝመሃሮም ኣብ ልቦም ሓዲሩ ይነብርዎ ከምዘለዉ ምስ ሰምዐ እዩ። ከምኡ እቲ ዝዓበየ ምስጋና ንእምነትካ፥ ነቲ ቤተ ክርስትያን እተስተምህረና ክነብሮ ክንገልጾ እንክሎና እዩ። ኣብዚ ክንጥንቀቕ ዘሎና ብስም ሰማዕናዮ ንትግብሮ ኣሎና ማለት ኣይኮነን ክነብሮ ኣሎና።

ዓለም ሎሚ ንኣምላኽ ሓዲጋ ዳርጋ ቦታ ኣምላኽ ሰብ ተኪእዎ ኣብ ከቢድ ፈተና ትርከብ ኣላ። ነቲ ጸጋዊ ኣምላኽ ኣብ ጎኒ ሓዲግና ኣብ ክብሪ ዓለምን ምውናን ነገራትን ዘንቢልና ብዝያዳ

እንርእዮ ምዕባሌ ማሪኹና ከም ሰብ ሰዶምን ጎሞራን ኮይና ቦታ አምላኽ ጠፊኡና አብ ድቕድቕ ዝበለ ጸልማት ይነብር አሎ ብፍቕሪ ዝተፈጥረ ሰብ ባርያ ስምዒቱን ባዕሉ ናይ ዝመሃዞ ግዙእ ኮይኑ አሎ። አብ አምላኽ ክንምለስ እሞ ነቲ ኩሉ ዘገበርልናን ዝገብረልና ዘሎን ርኢና ክነመስግን አብኡ ንመለስ። አብ አምላኽ እንተ ተመሊስና እሞ መገዲ እንተ ሒዝና ጳውሎስ ዚጎድለኩም ውህበት ጸጋ የልቦን ይብለና።

አብ መጽሓፍ ሲራክ ነቲ አብ ኩሉ ዓበይቲ ነገራት ዝገበረን፥ ካብ ንውለድ ጀሚሩ ዘኽበረናን፥ ብምሕረቱ ዝናበየናን አምላኽ ኰሉ ፍጥረት አመስግንዎ (ሲራክ 50፡22) ዝብል ንአምላኽ ክነመስግን ግቡእና ከምዝኾነ ይነግረና። ንአምላኽ እንተ አመስገና ብልቢ ከም እንሕጎስ ይገብረና፥ ከምቲ ናይ ቀደም ዘመን ከአ አብ እስራኤል ሰላም ይህበና፥ ምሕረቱ ይህበና ብኹሉ መዋዕልን ሕይወትና ኸአ የድኅነና እናበለ ፍረ ምስጋና እንታይ ምዃኑ ይነግረና።

አብ ዝተነበ ወንጌል ሉቃስ ኢየሱስ ብመገዲ ክሓልፍ እንከሎ ዓሰርተ ለምጻማት ካብኦም ትሸዓት እስራኤላውያን ሓደ ግን ሳምራዊ ብሓደ አብ ብዓቲ ካብ ሰብ ተፈልዮም ዝነብሩ ዝነበሩ ራሕርሓልና ምሓረና እናበሉ ለመንዎ ይብለና። አብዚ ብዙሕ ነገር ክንሓስብ ንኽእል።

1. ዓሰርቲኦም ብሓባር ይነብሩ ነሮም ሓደ ዓይነት ሕማም ስለ ዝነበሮም። ካብ ሰብ ተፈልዮም አብ ግሉል ቦታ ይነብሩ ነሮም አብ ሰብ ክቐርቡ አይክእሉን እዮም ብምኽንያት ሕማሞም። አይሁድን ሳምራውያንን ጥዑያት ብሓባር ክነብሩ አይኮኑ ሰላም አይብሃሃሉን እዮም። ዓቢ ፍልልይ ነርዎም እዞም ለምጻማት ግን ብሓባር ይነብሩ ነሮም። ሕማሞ ሓድነት ፈጢርሎም። አብ መንፈሳዊ ሕይወትና ክንርእዮ ከሎና ሓጢአት ምስ ገበርና ካብ አምላኽን ካብ ሰብን ንፍለ። ስለዚ ክንሓዊ ንኢየሱስ ክንልምን አሎና። ንሱ አብ መገዲ ሕይወትና ኩሉ ጊዜ ይሓልፍ እዩ፥ እንተ ኾነ ክንጽውዖ ጸገምና ክንገልጸሉ ይደሊ። ንጸውዓዮ። ሕማም ለምጺ በቲ እዋን ከቢድ ሕማም እዩ ነሩ፥ ካብ ሰብ ትፍለ አብ በዓቲ ትነብር ብኹሉ ፍንፉን ኢኻ፥ እዚ አምሳል ናይ እቲ ባዕልና ኃጢአት ዘምጽኦ ጉድአት እዩ።

2. ብመገዲ ክሓልፍ እንከሎ ዓው ኢሎም ጸዊዖሞ። አብ ብዙሕ ሉቃስ ኢየሱስ ብመገዲ ክሓልፍ እንከሎ ነቶም ዝለመንዎ ከም ዝሰምዖምን ድላዮም ከምዝገብረሎምን ይነግረና። ሎሚ ንሕና አብዚ ቅዱስ ቦታ ብልቢ ንለምኖ ክሰምዓና እዩ። ዓው ኢልና ጥራሕ ንጸውዓዮ። እቶም ለምጻማት ስለ ዝጸውዑ እምበር ምሓለፎም ነሩ እምብአር ጸጋ አምላኽ ከይ ሓልፈና ክንጽውዖ አሎና። አብ አምሳል መገዲ ዝኾነ ሕይወትና ኢየሱስ ክጓነፈና እንከሎ ነለልዮ እሞ ጸገምና ንግለጸሉ። ሕማምና ስቓይና ድኽመትና ጸገምና ብሓጺሩ ዓው ኢልና ንንገሮ እሞ ክሰምዓና እዩ።

3. አብ መገዲ እናኸዱ ሓውዮም ይብለና። አብ መገዲ ንኢየሩሳሌም ገጾም እናኸዱ ሓውዮም። አብ መገዲ ንስሓ እንከለዉ ምሕረት አምላኽ ወሪድዎም። ኩሎም ከምዝሓወዩ ፈሊጦም እንተ ኾነ ካብኦም እቲ ሓደ ካብ ካልእ ዓለት ዝኾነ ሳምራዊ ጥራሕ ተመሊሱ ንኢየሱስ አመስጊኑ። እቶም ካልኦት አይተመልሱን። ዘገርም እዩ ክሳብ ክንደይ ጠለምቲ ኢና። ነቲ ኩሉ ዝተገብረልና ንርስዕ ንጠልም ንአምላኽ ከም ሓንቲ ዘይገበረልና አይንዝክሮን። ስለዚ አመስገንቲ ክንከውን አሎና። እሞ እስከ ንድሕሪት ገጽና ቁልሕ ንበል ዝሓለፍናዮ ናብራን ሕይወትን ንርአ ንመርምር እዚ አብ ምምስጋን ክመልሰና እዩ።

4. አምላኽ አብ ዓቢ ውድቀት ከሎና ከይተረፈ ክረኽበና ይደሊ። አብ ዓቢ ኃጢአት አብ ቂምታን ክፍአትን አብ ሕርቃንን ከቢድ ጽልኢ እንከሎና ክረኽበና ይደሊ። ደንበርበር

እናበልና ኣብ ጸልማት ክንጉዓዝ ኣይደልን እዩ። ንዘሎናዮ ጸልማት ኣለሊና ንኣምላኽ ልብና ክንከፍተሉ እሞ ካብ ኃጢኣትና ክነጽሕ እዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ይምህረና። ንኣምላኽ ጸዊዑ ዝኽእል ዕዉት እዩ።

5. እቶም ዝሓወዩ ዓሰርተዶ ኣይኮኑን እቶም ትሽዓተ ድኣ ኣበይ ኣለዉ? ንሕና ካበነቶም እና? ክነመስግን ኣብ ኣምላኽ እንምለስ ዲና ወይስ ሱቕ ኢልና እንኸይድ። ክተመስግን ክትምለስ ኣሎካ። ተገሩለይ ኢልና ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ ከሎና ተንሥእ እሞ ኪድ እምነትካ ኣሕወየትካ ዝብል ኢና እንሰምዕ። ክንሕደስ ክንቅየር ሓዲስ ሕይወት ለቢስና ምስ ሰብና ክንሕወስ ኣብ ኣምላኽ ተመሊስና ክነመስግን ኣሎና።

ምዓልቲ ምስጋና ኣብ ሕ.መ.ኣ. ብደረጃ ሃገር ክብዓል ዝጀመረ በቶም ቀዳሞት ስደኛታት ኣብ ሓዳስ ክፍለ ዓለም ዝመጹ ብ1621 እዩ። እቶም ቀዳሞት ስደተኛታት ሓንቲ ዘይብሎም ኣብዚ ሓዲስ ዓለም ምስ መጹ ሓንቲ ኣይነበሮምን እሞ ምስቲ ኹሉ ቁርን ኣብ ዘይትፈልጦ ዓድን፥ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ጊዜ እቶም ደቂ ዓዲ ነዞም ኣጋይሾም ከመይ ገሮም ዕፉን ከም ዝዝራእ ኣርእዮሞም ስለዚ ኣብቲ ቀዳማይ ፍረ ማሕረሶም ንዓመት ዝኽውን እትዋት ስለ ዝረኸቡ ብሓባር ምስቶም ደቀባትን ኮይኖም ናይ ምስጋና ብዓል ብሓባር ከብዕሉ ጀሚሮም። ነዚ ብኽልተ ምኽንያት የብዕልዎ ነሮም።

ሀ. በቲ እዋን ዝረኸብዎ ጽቡቕ ቀውዒ ንምምስጋን። ምስቶም ደቂባት ህንዳውያን ኮይኖም ንሰለስተ መዓልቲ ብሓባር ኣምስጊኖም።

ለ. ንኣምላኽ በቲ ኩሉ ዝገበረሎም ንምምስጋን፥ ጸሎትን ምስጋናን ኣዕሪጎም።

ብዕሊ ንመጀመርያ ብ1777 ኣብቲ ጊዜ ናዕቢ ኣንጻር መግዛእቲ እንግሊዝ መዓልቲ ምስጋና ተኣዊጁ። ጆርጅ ዋሽንግቶን ጥቅምቲ 1798 ንመጀመርያ ጊዜ መዓልቲ ምስጋና ኣብዒሉ። ኣብርሃም ሊንከን ብዝልዓለ ከምእትብዓል ዝገበረ እዩ። ብ1863 ብኣዋጅ ሃገራዊ ብዓል ምስጋና ተኣዊጁ። ብ1942 ኣብ ጊዜ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኮንግረስ ንኹሉ ጊዜ ኣብ ኅዳር ራብዓይቲ ሓሙስ መዓልቲ ምስጋና ኮይና ክትብዓል ወሲኑ። ሎሚ እምነቶም ብዘየገድስ ኩሎም ኣመሪካውያን ምስ ስድርኦም ታኪን ሓሪዶም የብዕልዎ። ብሓቂ ናይ ስድራን ናይ ሃገር ብዓል እዩ። በዚ ዕለት ኩሉ ዕዳጋ ይሓስር ኩሉ ሰብ ንብዓል ልደት ዝኸውን ህያባት ወይ ዘድሊ ነገራት ይገዝእ ምኽንያቱ ዋጋ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ይሓስር። ስድራታት ዝተፈላለየ መዘናግዒ ከምኡ ናይ ኣመሪካውያን ኵዕሶ እግሪ ዝጻወቱ ብምርኣይ ይሕልፍዎ። ስድራታት ፍልልዮም ኣልዮም ብሓባር ዘብዕልዎ ብዓል እዩ። ናይ ስድራ ብዓል እንተ ተባህለ ኣይገርምን እዩ።

ስድራ ብሓንሳብ ዝሕጎሱሉ ዘጽልይሉ ብሓባር ኩነታቶም ዝግምግሙሉ ክረኽቡ እንከለዉ ርክባቶም ብዝያዳ ይድልድል። ስድራ እንተ ዘየለ ኩሉ ፋሕ እዩ ዝብል። ንስድራኻ ምኽባር ንበተሰብካ ምፍቃር ዝመስልዎ የለን። ሎሚ ንሰብ ከቢድዎ ዘሎ ፍቕሪ ሰላም ምምሕሓር ዝጎደሎ ስድራታት በዚሑ ስለዚ ነዚ ናይ ሎሚ ምኽንያት ገርና ምስ ስድራና ከመሎና ንበል እሞ ንዘሎ ጸገም ንፍትሓዮ። ብሓባር ንጸሊ ነቲ ሰናይ ኣድሕድ ጥራሕ ንርአ። ንዝኣኻኽበና እምበር ንዝፈላለየና ኣይንጠምት።

ነንድሕድና ነቲ ሰናይ ኣብ መንጎና ዝግበር ርኢና ክንክእል ኣሎና። ክነመስግን እንተ ጀመርና ኣብ ልብና ተመሊስና ነቲ ዝተገብረልና ከነለሊ ክኢልና ኣሎና መለት እዩ ከምኡ ነቲ ዝገበረ ክሳብ ክንደይ ከምዝፍቅረና ክንርኢ ክኢልና ማለት እዩ። ክነመስግን ከሎና ዓይንና ይበርህ ይርኢ። ቅ.

ጳውሎስ ብኹሉ ኣመስግኑ ከመይ ኣብቲ ብክርስቶስ ዘሎኩም ሕይወት ኣምላኽ ዚደልዮ እዚ እዩ (1ተሰሎ 5፡18) እናበለ ኣመስገንቲ ክንከውን ይነግረና።

- ኣመስገንቲ ንኹን። ነቲ ዕለት ዕለት ዝግበረልና ነመስግን። ምስጋናና ገሊጽና ክንክእል ኣሎና። ነቶም ኩሎም ሰናይ ዝገብሩልና ክነመስግኖም ግቡእ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ንኣምላኽ ነቲ ዀሉ ጸግኡን በረኸቱን ስለቲ መወዳእታ ዘይብሉ ምሕረቱ ምስ ወደቕና ክነመስግኖ ይግብኣና።
- ንወለድና ክነመስግኖም ይግብኣና። ሕይወት ዝሃቡና ንኹሉ ክርስትያናዊ መዕበያን ጽቡቕ ኣብነት ዝሃቡና።
- ንኹሎም ኣዝማድናን ኣዕሩክትናን ፍቕሪ ዝመልኦ ደገፎም ዘርኣዩና ከምኡ ኣብቲ ሓገዝ ዘድልየና እዋን ዝሓገዙናን ዘበራትዑናን ክነመስግኖም ኣሎና።

እምብኣር ነዚ መዓልቲ ምስጋና መጀመርያ ንኣምላኽ ክነመስግ ነቲ ኹሉ ዝሃበና ሕጉ ትእዛዙ እናሓሎና ክነመስግኖ። ነቶም ኩሎም ጽቡቕ ብዝተፈላለየ መገዲ ሠናይ ዝገበሩልና ክነመስግኖም ይግባእ። ኣምላኽ ንኹሉ ብጸግኡ ክናቢ ኣብዛ እንነብራ ዓለም ብፍቕሪ ብሰላም ክነብር ክባርኸና ንለምኖ።

ርሑስ መዓልቲ ምስጋና ንኹልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ